Family Support Options
Working in partnership with families

Canadian Mental Health Association Waterloo Wellington | Association Canadienne pour la sante-mentale Waterloo Wellington

# ፍሉይ ኣገልግሎት ኣብ ገዛ (SSAH)
# ናይ ሓበሬታ ወረቀት

መደብ ፍሉይ ኣገልግሎት ኣብ ገዛ (SSAH) ነቶም ንሓደ ናይ ምዕባለን/ወይ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ዝኣልዩ ስድራቤታት ይሕግዝ። ብሚኒስትሪ ማሕበረሰብን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዝምወልን ዝመሓደርን እዩ።

ብመንገዲ SSAH ዝወሃብ ምውላ ንስድራቤታት ኣብ ገዛ ወይ ካብ ገዛ ወጻኢ ንዝወሃብ ፍሉይ ኣገልግሎት ንኽኸፍሉ ይሕግዞም፤

- **ውላዶም ሓደስቲ ክእለታትን ዓቕምታትን ክመሃር ምሕጋዝ፣ ከም ናይ ርክብ ክእለቱ ምምሕያሽን ዝያዳ ናጻ ክኸውንን፤ ከምኡ'ውን/ወይ**
- **ንስድራቤት ናይ ዕረፍቲ ደገፍ ምሃብ - ስድራቤታት ካብ መዓልታዊ ክንክን ውላዶም ዕረፍቲ ወይ ዕረፍቲ ዝህቦም ኣገልግሎታት ንምኽፋል ምውላ ክረኽቡ ይኽእሉ።**

## ዕረፍቲ እንታይ እዩ?

ስድራቤታት ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ኣብ ምእላይ ተወሳኺ ሓላፍነት ክህልዎም ይኽእል እዩ። SSAH ንናይ ዕረፍቲ ወይ ነቶም ቀንዲ ኣላይቲ ሩፍታን ከምኡዉን ተዘመድቲ ደገፋትን ምውላ ይህብ። እቲ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ደገፍ ክጥቀም ተኽእሎ እኳ እንተሎ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ግን ነታ ስድራቤት ነቲ ዝተለለየ ድሌታቶም ንኽማልእ ምሕጋዝ እዩ።
ዕረፍቲ ነቶም ቀንዲ ኣላዪ ኣባል ስድራቤት ስንኩል ምሃብ ነቲ መሰረታዊናይ ምእላይ ከለቱ የዕብዮ። ዘይቀጥታዊ ሓገዝ ነቶም ቀንዲ ኣለይቲ ሩፍታ ንምሃብን ስለዚ ዉን ካብቲ ናይ ምእላይን ካልኦት ሓላፍነቶም ንቁሩብ ግዜ ንኽእለዩን ይሕግዝ።

## ንመን ክቖጽር ይኽእል?

- ባዕልኻ እትቖጽሮ ሰራሕተኛ
- ብኤጀንሲ ኣቢሉ ዝተቖጽረ ሰራሕተኛ
- ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኡን ቀንዲ ኣላዪ፡ ወላዲ፡ ሰብኣይ ኣደ ወይ ሰይተቦ ዘይኮነ ኣባል ስድራቤት

**ሰራሕተኛ ንምርካብ ከምእዉን ሓገዝ ንምርካብን ኣብ ማሕበረሰብኩም ብዛዕባ ኣገልግሎታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብን ናብ www.respiteservices.com ተወከሱ።**

**ይቕጽል...**

Family Support Options
Working in partnership with families

**ከመይ ጌረ SSAH ምወላይ ክጥቀመሉ ይኽእል?**

**ናይ SSAH ምወላኻ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።**

- ቀንዲ መደባት ካምፕ /መዘናግዒ
- ፍሉይ ናይ ካምፕ /መዘናግዒ መደባት
- ንመቖጻሪ ሰራሕተኛ ፍሉይ ኣገልግሎት ዝኸውን መወዓውዒ
- ውልቃዊ ምዕባለን ንምሃብ ፍሉይ ኣገልግሎት/ደገፍ ሰራሕተኛ
- ንፍሉይ ድሌት ዘለዎ ህጻን ንመሰረታዊ ቀረብ ፕሮግራም ንምትግባር (ንኣብነት:ፍላሽ ካርድ)
- ናይ ኣባልነት ክፍሊት ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ማሕበራት (ፍሉይ ኦሎምፒክ፣ ማሕበር ዳውን ሲንድሮም።
- 1:1 ናይ ደገፍ ሰራሕተኛ ኣብ ካምፕ ወይ መዘናግዒ መደብ
- ንኣባል ስድራቤት ወይ ሰራሕተኛ ዝወሃብ ስልጠና፡ ንርድኢት ድሌታት ናይቲ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ዘዕቢ
- ፍሉይ ወጻኢታት ክንክን ህጻናት (ን12 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ህጻናት)
- ነቶም ፍሉይ ሕክምናዊ ክንክን ዘድልዮም ህጻናት ምሕብሓብ
- ስሩዕ ዕማማት ገዛ - ቀሊል ጽሬት ገዛ፡ ምድላው መግቢ፡ ምሕጻብ ክዳውንቲ፡ ምቑራጽ ሳዕሪ፡ ከምኡ'ውን ምእላይ በረድ
- ናይ ጂም ኣባልነት ክፍሊት ንፍሉይ ድሌት ዘለዎ ቆልዓ
- ናይ ትምህርቲ ደገፍን ንናይ ኣካዳሚያዊ ትምርቲን መደባትን።
- ናይ ሓደ ግዜ ናይ መእተዊ ወጻኢታት (i.e., ፡ ፊልምታት፡ መዘናግዒ ፓርክታት፡ ቤተ መዘክር)
- ናይ ስፖርት መሳርሒታት
- ኤሌክትሮኒክስ (i.e., ፡ ኮምፒዩተራት፡ ታብለታት)

**ናይ SSAH ምወላኻ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ፤**

- ክፍሊት ካምፕ ንኣሕዋት
- መሰረታዊ ክንክን (i.e., ክዳውንቲ፡ መግቢ፡ ዳያፐር፡ ስሩዕ ሕክምናዊ ወጻኢታት)
- ክፍሊትን ወጻኢታት ትምህርትን ስራሕን ዝኸውን
- ሓገዝቲ መሳርሒታት፣ ፍሉያት መሳርሒታት፣ ናይ ገዛ ምምሕያሽ
- ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ
- ኣብ ቤት ትምህርቲ 1:1 ደገፍ
- ሞያዊ ኣገልግሎት ንኡሳንን ላዕለዎትን ቴራፒስት (ንኣብነት፡ IBI፡ ABA፡ ፍወሳ ንምዝራብ: ሞያዊ ፍወሳ፡ ፊዚዮቴራፒ)

ሓደ ወጻኢታት ንኽምለስ ብቑዕ እንተኾይኑ ርግጸኛታት እንተዘይኮይንኩም በጃኹም ኣብ CMHA WW ንኣተሓባባሪ ኣማራጺታት ደገፍ ስድራቤትኩም ተወከሱ 1-844-264-2993.

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ https://cmhaww.ca/services/children-youth-families/family-support-options/

Tigrinya -Revised August 2024